

# ኣብ ትምህርቲ ምስ መምህራን ኣብ እትዘራረቡሉ እዋን ቋንቋ የጸግመኩም ዶ?

ኣብያተ ትምህርቲ ዝምልከተና ሓበሬታ ብቋንቋና ናይ ምቕራብ ሕጋዊ ግዴታ ኣሎወን። እዚ ድማ ብተለፎንን ኣብ ኣኼባን ንዝግበር ዘተ ኮነ ብጽሑፍ ንዝዝርጋሕ ሓበሬታ ምትርጓም ዘጠቓልል እዩ። እንተኾነ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ መብዛሕትኡ እዋን እዚ ክትግበር ኣይጸንሐን፡ ደቅና ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይጽገሙ ኣሎዉ።

ነዚ ኩነት'ዚ ክንቅይሮ ንፍትን ኣሎና። ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ሓጋጊ ኣካላት (ተውከልቲ)፡ ኣብያተ ትምህርቲ ምሳኹም ብዝሓሸ ከረዳድኣን ዘኽእል ብHB 1130ን SB 5606ን ዝፍለጡ ኽልተ ሓዱስቲ ሕግታት ከጽድቑ ይኽእሉ እዮም።

ንሕና ንረቒቕ ዘሎ ሕጊ HB 1130ን SB 5606ን ንድግፍ ኢና። ብወገንኩም ነዚ ሕጊ ትድግፍዎ እንተኾንኩም ሓጋጊ ኣካላት (ተውከልቲ)፡ ቃልኩም ክሰምዑ ይደልዩ ኣሎዉ። ስለዚ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 08:00 ቅቀ ክሳብ 07:00 ድቀ ኣብዘሎ እዋን ብቑጽሪ ስልኪ 1-800-562-6000 ደውሉ፡ ተርጓሚ እውን ሕተቱ፡ ስምኩምን ኣድራሻኹምን ብንጹር ድሕሪ ምሃብ ድማ፡ ንHB 1130ን SB 5606ን ምድጋፍኩምን ዘይምድጋፍኩምን ግለጹ።

ኣቕራቢ

ወኪል ሓገግቲ ኣካላት ቲና ኦርወል (33rd) ምስ ርሑው ባብ ንስድራቤታት ባህላዊ ብዙሕነት

ንዝይዳ ሓበሬታ፥ joys@multiculturalfamilies.org, ሞባይል (253) 285-9343

ትርጉም፡ ተኽለሃይማኖት ሂያቡ (Open Doors for Multicultural Families)